

YOUTH AND MEDIA
NATIONAL PLATFORM FOR THE PROMOTION OF MEDIA SKILLS

ንወለዲ
ካብ ቆልዑት
ኣብ መንጎ
ዕድመ 6ን 13ን

# ምኽርታት ንኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት

www.youthandmedia.ch

## ጽቡቕ ንምፍላጥ

**ኤለክትሮናዊ ሚድያ ሎሚ ኣብ ምሉእ ዓለም ንቡር እዩ ኾይኑ - ዋላ ንቆልዑት።** ብዙሓት ሰባት ብኢነተርነት ከመይ ጐሮም ከምዝራኸቡ፣ ኦንላይን ሓበሬታ ከመይ ከምዘምጽኡ ከምኡ ድማ ኤለክትሮናዊ ሚድያ ንመዘናግዒ ከመይ ከምዝጥቐምሉ ክትምኮሩ ኢኹም። ዋላ ባዕልኹም ድሮ ኣብ ኢንተርነት ዘለው (ኦንላይን) ትሕዝቶታት ትጥቐምሎም ኢኹም፣ ኣብ ዕረፍቲ ይኹን ዋላ ንቤት-ትምህርቲ። ሰልዚ ወለዲ ብዙሓት ሕቶታት ብዛዕባ ሚድያታት ኣለዎም።

**ሓደ ነገር ርጉጽ እዩ፥ ቆልዑት ርጉጽን ተሓታትነት ዘለዎን ኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ሚድያ ንክመሃሩ፣ መሰነይታን ደገፍን የድልዮም - እንተላይ ከኣ ባዕሎም ተመኩሮታት ንክእክቡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተከላኸለ ከባቢ ንክለምዱ ኣማራጺ የድልዮም።**
ቆልዑት ውልቀ-ሰባት እዮም፣ ምዕባለኦም ብዝተፈላለየ እዩ ዝካይድ፣ ሰለዚ ጥራይ ንዕድመ ዝእንፍቱ ሕጋጋትን ደረታትን ብዙሕ ግዜ ዕላማ የብሎምን። ብዝኾነ ግን ወለድን ካልኦት ፈለጥትን ኣብ መዓልታዊ ናብራ ክእንፍቱ ዝኽእሉ **ነጥብታት** ኣለው።

**ብምኽርታትና ብኣወንታን ሃናጽን ንጉዳይ ምጥቃም ሚድያ ክትቀርቡ ከነተባብዓኩም ንደሊ፣** ምስቶም ቆልዑት ብሓንሳብ ትሕዝቶታት ምርኻብ፣ ሕጋጋት ምስራዕ ከምኡ'ውን ምትሓዝ ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ብጥንቁቕ ምንዳፍ።



# ለበዋታት

**ኣቓልቦኹም ኣብ ሚዛናዊ ኣመዳድባ መዘናግዒ ኣድሃቡ።**
ቆልዑት ዲጂታል/ኤለክትሮናዊ ሚድያ ጥራይ ክሕዙ ዘይኮኑ፣ ዋላ ካልኦት ናይ ዕረፍቲ ንጥፈታት ክገብሩ ኣስተውዕሉ ኢኹም፣ ንኣብነት ኣብ ደገ ምንቅስቓስ፣ ስፖርት ምግባር ወይ ምስ መዘናታቶም ምርኻብ። ምጥቃም ናይ ስክሪን ኮምፒተር ሚድያታት ቅድሚ ዓራት ምኻድ ንምውሳድ ድቃስ የኽብዶ እዩ።

**ናይ ስክሪን ግዜታት ብሓንሳብ ወስኑ ኢኹም።**
ብዝተኻእለ መጠን ብሓንሳብ ምስ ቆልዓኹም ክንደይ ግዜ ኣብ ኣመዓልቲ ወይ ኣብ ሰሙን ኣብ ኮምፒተር ስክሪን ክውዕል ከምዝፍቐድ ትውስኑ (ንኣብነት ሓደ ክፋል ፊልም ወይ ሓደ ዙርያ ጸወታ)። ንጹራት ደረታት ስርዑ ከምኡ ድማ ከም ተኸተሉ ውን ኣስተውዕሉ። ካብ ዘይምኽታል ሕጋጋት ዘስዕብ ምህላው ሳዕቤናት ካብ ቀዳምነት ንጹርን ፍሉጥን ክኸውን ኣለዎ።

**ነቶም ቆልዑት ኣብ ምጥቃም ኢንተርነት ኣሰንይዎም ኢኹም።**
እቲ ኢንተርነት ዕድላትን ርከሳታትን እዩ ዘቐርብ። ኣብ ኢነተርነት ጽቡቕ ንከንቀሳቐሱ ንቆልዑት ሓግዝዎም ኢኹም፣ ኣሰንይዎም ሽዑ ከምኡ'ውን ምስኦም ብዛዕባ ተመኩሮታትኩም ተዛረቡ።

**ናይ ኣረኣእያ ተራ ከምዘለኩም ኣስተውዕሉ።**
ወለድን ካልኦት ፈለጥቲ ሰባትን ንቆልዑትሲ ኣብ ምትሓዝ ሚድያታት ኣረኣእያታት እዮም። ስለዚ ናትኩም ልምድታት ሚድያ ተቈጻጸሩ ኢኹም።

**ነቲ ደረት ዕድመ ውን ኣኽብሩ ኢኹም።**
ናይ ዕድመ ደረት ናይ ፊልምታት (FSK ወዘተ) ከምኡ'ውን ጸወታታት (PEGI፣ USK ወዘተ) ኣስተውዕሉ ከምኡ'ውን ብተወሳኺ እቲ ትሕዝቶ ንቆልዓኹም ብቑዕ እንተኾነ ሕሰቡ ኢኹም።

**ሚድያታት ዝኾነ መእለዪ ቆልዑት ኣይትክኡን'ዮም።**
ኤለክትሮናዊ ሚድያታት ንምህዳእ ወይ ንምዝንባል ንቆልዑት ክጥቀሙ የብሎምን። ቆልዑት ነቲ ትሕዝቶ ሚድያ ኣብ ሓንጎሎም ክሰርሕዎ ከለው፣ ጥራይ ኣካላቶም ስቕ ይብል። ብዝተኻእለ መጠን እቶም ቆልዑት ኣብ ናይ መዓልታዊ ናብራ ጉዳያት ኣብ ተግባር ኣውዕልዎም።

**ክፉት ዝርርብ ካብ ናይ ፊልተር ዘለዎ ሶፍትዌር ኣገዳሲ እዩ።**
ምስቲ/ታ ቆልዓ ከከም ዕድመኡ ብዝተመልከተ ብዛዕባ ዝሻቐሉ ትሕዝቶታት ተዘራረቡ። ቲቪ፣ ኮምፕዩተር/ላፕቶፕ ከምኡ'ውን ታብለት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ክፍሊ ቆልዑት ኣንብርዎም ኢኹም። ፊልተር ዘለዎ ሶፍትዌር (ትእዛዛት ኮምፒተር) ጠቓሚ እዩ ግና ምሉእ ምክልኻእል ኣይህብን እዩ።

**ጥንቃቐ ምስ ግላዊ ሓበሬታን ርክብ ኣብ ኢንተርነትን።**
ምኽፉል ነፍሲወከፍ ግላዊ ሓበሬታን ስእልታትን ናይ ውልቅኻ ወይ ናይ ካልኦት፣ ጸገማት ከስዕብ ከምዝኽእል ምስ ቆልዑት ተዘራረቡ። ቆልዑት ምሳኹም ቅድም እንተ ዘይተዘራረቡም ግላዊ ሓበሬታ ከመሓላለፉ የብሎምን። ምስ ኣብ ኢንተርነት ዘለው ርክባት ጥራይ ብመሰነይታ ዓበይቲ ክራኸቡ ኣለዎም።

**ሕጋዊ ኣተሓሕዛ ምስ ስእልታት ኣስተውዕሉ ኢኹም።**
ኩሉ ሰብ መሰል ውልቀ ስእሉ ኣለዎ። ቅድሚ ምዝርጋሕ ስእልታትን ቪድዮታትን ፍቓድ ካብ ዝተሰኣሉ ሰባት ክሕተት ኣለዎ።

**ሕጋጋት ብዛዕባ ኣኽብሮታዊ ኣተሓሕዛ ዋላ ኦኖላይን ብቕዓት ኣለዎም።**
ኣብ ምስዳድ ርእይቶታትን መልእኽትታትን ኣኽብሮት ክህሉ ከምዘለዎ ንቆልዑት ምኽርዎም። ሓደ ቆልዓ ኣብ ኢንተርነት ከም ተጠቕዐ እንድሕር ዝስምዖ ኮይኑ፣ ብዕቱ ክውሰድ ኣለዎ። ኣብ ሳይበርሞቢንግ (ሞቢንግ/ ምልጋጽ)፣ ጽልኣታዊ ዘረባ ከምኡ'ውን ምፍልላይ ብተወሳኺ ካብ ኪኢላታት ሓገዝ ምምጻእ ኣድላይ ክኸውን ይኽእል።

**ነቐፌታዊ ምሕሳብ ድገፉ ኢኹም።**
ምስ ቆልዓኹም ብዛዕባ ኣርእስትታት ከም ተምያን መልእኽትታት («Fake News») ተዘራረቡ ከምኡ'ውን ከመይ ከም ትፈጥርዎም ተዘራረቡ። ረክላም ከመይ ከምዝሰርሕ ግለጹ፣ ንኣብነት ረክላም ኣብ ውሽጢ ጸወታ ወይ ምንባር ፕሮዳክት ኣብ ናይ ኢንፍሉኣንዘር ቪድዮታት።

**ኣወንታውን ሃናጽን ምትሓዝ ሚድያ ኣተባብዑ ኢኹም።**
ሃናጺ ኣተሓሕዛ ምስ ኤለክትሮናዊ ስእልታትን ቪድዮታትን ሙዚቃን ድገፉ ኢኹም። ኣድናቒ ተመኩሮ ፍጻሜታት ክገብሩ ዝኽእሉ ጽቡቓት ጸወታታትን ቪድዮታትን ኣለው። እቲ ኢንተርነት ብዝተረፈ ዕብይ ዝበለ ምርጫ መምሃሪ ትሕዝቶን ኣስተምህሮታትን የቐርብ።

# ተወሰኸቲ ሓበሬታታት

መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ እዩ። **ቆልዑትን መንእሰያትን ንዲጂታላዊ ሚድያታት ብርጉጽን ተሓታትነትን ክሕዝዎም ንደሊ ኢና።** ስለዚ ሓበሬታን ምኽርን ለበዋን ንወለድን ፈለጥትን ጥራይ ነቕርብ ዘይኮንና እንተላይ ንመምሃራንን ኪኢላታትን፥
www.youthandmedia.ch

እዚ በራሪ ጽሑፍ ንወለድን ኣለይትን ፈለጥትን ናይ ኣብ መንጎ 6ን 13ን ዕድመ ዘለው ቆልዑት (ዕድመ መሰረታዊ ቤት-ትምህርቲ) ይምልከት እዩ። **ክልተ ተወሰኽቲ በራሪ ጽሑፍ ኣለው፣** ሓደ ምስ ለበዋታት ንጉጅለ ዕድመ ክሳብ 7 ዓመት (ዕድመ ቅድመ ትምህርቲ) ከምኡ'ውን ሓደ ንወለድን ፈለጥትን ናይ መንእሰያት (ዕድመ 12 ክሳብ 18)። **ኩሎም በራሪ ጽሑፋት ኣብ 16 ቋንቋታት ይርከቡ እዮም።** ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብነጻ ክትጠልብዎም ወይ ክትስሕብዎም ትኽእሉ።

ኣብ ሓበሬታ መርበብና ብዝተረፈ ንኩሎም ለበዋታት ቀጻልቲ ሓበሬታታትን ሊንክታትን መግለጺታትን ክትረኽቡ ኢኹም፥
**www.youthandmedia.ch/recommendations**

**ብዝስዕብ ተሓቲሙ**
መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን
ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ
ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሽያል ኢንሹራንስ
ከምኡ'ውን
ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት
ጨንፈር ዝተዘውተረ ስነ-ኣእምሮ
ኪኢላ ጕጅለ ስነ-ኣእምሮ ሚድያ
መራሕነት፥ Prof. Dr. Daniel Süss፣ MSc Gregor Waller

ስእልታት፡- Pia Neuenschwander፣ photopia.ch

ጠለብ (ነጻ)፥
BBL፣ Verkauf Bundespublikationen (ምሻማት ፌደራላዊ ሕታማት)፣ CH-3003 Bern
www.bundespublikationen.admin.ch
መጥለቢ ቁጽሪ፥ 06.20 2000 318.862.tig
Tigrinya

©2020 መንእሰያትን ሚድያን/መራኸብን፣ ሃገራዊ መርበብ ንምዕባለ ክእለታት ሚድያ፣
ፌደራላዊ ቤት-ጽሕፈት ንማሕበራዊ/ሶሽያል ኢንሹራንስ / ZHAW ናይ ዙሪኽ ኮለጅ
ንዝተዘውተሩ ስነፍልጠታት

Zurich University
of Applied Sciences

School of Applied
Psychology

Psychological Institute

Schweizerische Eidgenossenschaft
Confédération suisse
Confederazione Svizzera
Confederaziun svizra

Swiss Confederation

Federal Department of Home Affairs FDHA
**Federal Social Insurance Office FSIO**